# መፍትሒ ዘምፅእ ተስኣነ እምበር ዝዛረብስ በዚሑና።

ብ ገብረሂወት ገብሩ 07-04-17

*መቐለ*

ዝንበብ መፅሄት፣ መፅሓፍ ጋዜጣ ኣብ ሓንቲ ሃገር ምብዝሑ ምልክት ልምዓት ወይ ውፅኢት ልምዓት እዩ። እናበዝሐ ክኸይድ፣ ፖሎቲካዊን ቁጠባዊን፣ ማሕበራዊ ናብራ፣ ጠቕምቲ ልምድታት እታ ሃገር ማእኸል ገይሮም ክሰርሑን ክፅሕፉን ድማ ብደንቢ ክምራሕ ይግባእ። ሰብ ውልቀ መፅሄት ናይ ውልቀ ስለዝኾና ድሌተን ይስርሓ ክበሃላ የብለንን ብናተይ እምነት መንግስቲ ነቶም ሰብ ውልቀ መፅሄታትትን ጋዜጣታትትን በጀት ሰሊዑ ንስረሖም ዝምጥን ስልጠናታት ክህቦም ኣለዎ እውን በሃሊ እየ። እቲ ዝህቦም ህዝባዊ ሓበሬታ ከምዘለዎ ኮይኑ። ዝኾነ ኮይኑ ግን ሐዚ ኣብ ክልልና ትግራይ ብዘይ መፅሄትን ጋዜጣን ወይን ካልእ ዘይንፈልጥ ዝነበርና ሐዚ ናይ ወልቀ መፅሄት እናገዛእና ክነንብብ ምጅማርና ውፅኢት ቃልስና እውን ስለ ዝኾነ ክንሕበነሉ እዩ ዘግባእ። መፅሄት ውራይና ውራይ ልምዓትናን ማሕበራዊ ናብራናንን ብዙሓት እንኣምነሎም ምሁራንን ፖሎቲካውያንን እናሳተፈት መበል 38 ሕታም ምብፅሓ ክትነኣድ ይግባእ። ሐዚ ከምኒ ሰርጌንን ሩፍታናን ዝበላ ሓደሽቲ መፅሄታት ኣብ ትግራይ ምፍጣረን ድማ ካልእ ብስራት ሓጎስ እዩ ብፍላይ ነቲ ክፅሕፍ ዝደሊ ምሁርን መንሰይን። ንመንበባይ ድማ ተወሳኺ ፍልጠት ክኾና እየን። ሐዚ ሐዚ መንእሰይ መፅሄት ተሓቲማ እንትሰመዕ ካብ መሸጢ ማእኸላት ከይዱ ምዕዳግ ልሙድ ገይርዎ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣካል ስርሑ ገይሩ ገዚኡ ግዘ ሂቡ ኣንቢቡ፣ ልምዲ ምግጋም እውን ኣማዕቢሉ እዩ እሞ ዝነኣድ ተግባር ስለ ዝኾነ ክቕፀለሉ ይግባእ። ብፍላይ እታ ነባር መፅሄት ውራይና ግን ፈተናታት ሓሊፋ ኣብዚ በፂሓ ሐዚ መርአያ እተን ካልኦት ሓደሽቲ መፅሄታት ምኳና ደጋጊመ እየ ዘመስግና ንዝረኸበላ ዘለኹ ፍልጠት ድማ ቃላት ዘይገልፆ ምስግና ኣሎኒ።

መፅሄት ውራይና መፅሄት ኮይና ብቐርፂ ጥራሕ ዘይኮነስ ውሽጣዊ ትሕዘቶኣ ወይነ ቃና ኮይኑ መንበብቲ ሃህ ኢልና ክንፅበያን ናብዘላቶ ኣቲና ክንሽምታን ክነንብባን ዝገብረና ሓደ ዓብዪ ምሽጥር ኣሎ። መፅሄት ውራይና ልሳን መንእሰይ ትግራይ ክትኮን ዝገብራ ዘሎ ሕብራ ኣይኮነን፣ ኣብ ውሽጣ ዘለዉ ዓምደኛት ዘውሕዝዎ መተካእታ ዘይብሉ ፈልጠት እዩ። ዘይነፅፍ ብርያም እዩ። ብዘይ ዓምደኛታት መፅሄት ውራይና ኣላ ማለት ኣይከኣልን እሞ ዓምደኛታት የቐንየልና። ብፍላይ ከምኒ ኣቦና ተንታኒ ሓሳባት፣ ደራሲ፣ መምህር ሙለ ወርቅ ኪዳነ ማርያም ኣብ መፅሄት ውራይና ዝገበርዎ ተሳትፎ ጥራሕ ተይኮነስ ኣብ ህንፀት መንእሰይ ትግራይ ልዑልን መተካእታ ዘይብሉን ኣስተዋፅኦ ኣለዎ።

መፅሄት ውራይና መበል 38 ሕታም ኣብ ዕዳጋ ብእንካ ሃባ ብኣለሻ እያ ተረኺባ። ኣነ ድማ ኣብ መቐለ ሮሞናት ከባቢ ዘሎ ዕዳጋ መፅሄት መፅሄት ውራይና ክሽምት ወሪደ። ተወዲኣ ኣብ ዕዳጋ የላን ምስ ሰማዕኹ ትሕዝቶ እታ መፅሄት ታይ ድዩ ነየሩ ኢለ ተሃንጥየ ካብ አዕርኽተይ ክረኽባ ኣሎኒ ኢለ ኣለሻ ጀሚረ። ሓደ ዓርከይ ኣወኪሱኒ። መጀመርያ እታ መፅሄት ቀሊዐ ምንባብ እንትጅምር ናይቶም ዕድመኦም ምሉእ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ቃልሲ ዘሕለፉን ኣብ ምምስራት ኣዛ ሐዚ እንነብረላ ዘሎና ኢትዮጵያ እትበሃል ሓዳሽ ሃገር ዝላዐለ ኣስተዋፅኦ ዝገበሩ ክልተ ዉሩያት ተጋሩ ተጋደልቲ ብሓባር ዝቕረብዎ ሓሳብ እየ ጀሚረ። ነታ መፅሄት ዘይረኽብኩማ ወገናት ግልፂ ንኽኾነልኩም ተጋዳላይ ኣበበ ተኽለሃይማኖትን ተጋዳላይ ፃደቃን ገብረ ትንሳኤን እዮም። እዞም ክልተ ሰብ ታሪኽ ተጋደልቲ ጀነራላት ኣብ መፅሄት ውራይና ሓሳብ ከቕርቡ ንመጀመሪኦም ኣይኮነን በብእዋኑ ከምዘሳተፉ ድማ ኣብ በበሕታሙ ኣንቢበ እየ። ኣብ ሕታም 38 ድማ ስፍሕ ዝበለ መበርሂ ሓሳብ ሂቦም ኣለዉ ልዕሊ 16 ገፅ ዝሸፍን እዩ። ርእሲ ፅሑፎም ድማ ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ይብል።

ናይዞም ክልተ ጀነራላት ዝሃብዎ ሓሳብ ምስ ኣንበብኩ ዝተሰመዐኒ ሓሳብ ቅድሚ ምግላፀይ፣ እዞም ክልተ ሰብ ታሪኽ ጀነራላት ንህዝቢ ትግራይ ዝገበርዎ ሕሉፍ ታሪኽ ወርቃዊ እዩ እሞ ሓፍ ኢለ እየ ዘመስግኖም ዘኽብሮምን። ሐዚ እውን እንትኾነ ኣብ ልምዓት

ዝገበርዎ ዘለዉ ኣስተዋፅኦ ልዑል ስለዝኾነ ሰብ ድርብ ታሪኽ ይገብሮም። ኣነ ብወገነይ ንሶምን ከምኦም ዝበሉ መሰላቶምን ተቓሊሶም ኣብ ዝነደቕዋ ዓዲ ንፁህ ኣየር እናተንፈስኩ ይነበር ስለዘለኹ ኦዐርየ እየ ዘኽብሮም ዝሕበነሎም ድማ።

እምበኣር ናብቲ ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ብዝብል ርእሲ ዝተውሃበ ሓሳብ ክምለስ እሞ ዝተሰመዐኒ ሓሳብ ክገልፅ። ሓሳብ ብሓሳብ ናይ ምግላፅ ዲሞክራሲያዊ መሰል እውን ባዕሎም እዞም እዞም ፀሓፍቲ እዚ ፅሑፍ እዮም ኣምሂሮሙናን ኣዕቲሮሙናን። እቲ ፅሑፍ መብዛሕትኡ ትሕዝትኡ ፅቡቕ እዩ ተቐቢለዮ ኣለኹ። ወድብናን መንግስትናን እውን መብዛሕትኡ እቲ ዘልዐልዎ ሓሳብ ገምጊሞም ናብ ተግባራዊ መፍትሒ ዝኣተውዎ ኩነታት ኣሎ እዩ። እቐፅል ኣሎኹ ድማ ናብ ዋና ሓሳበይ፦

ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ኣብ ዝብል ርእሲ ፅሑፍ እተን በላሕቲ ፖሎቲካዊ ጫፋት ዝበሃላ ደጋጊመ ኣንቢበየን። ካብኣተን እታ ኦዐርያ በላሕ ናይ ፖለቲካ ጫፍ እያ ዝበልኩዋ መዚዘያ ኣለኹ። “ **ፖለቲካ ውድባት ትግራይ ኣብዝብል ርእሲ ህወሓት ራእይ ዘለዎ መሪሕነት ምዃኑ ኣቋሪፁ እዩ”** እትብል ምስ ረኣኹ ብጣዕሚ እየ ሰንቢደ። ብናተይ እምነት ራእይ ዘይብሉ ውድብ ክህሉ ኣይኽእልን ኣሸንባይዶ ህወሓት ኣይኮነን ዓብዪ ህዝባዊ ውድብ። ኣብዙይ ክግለፅ ዝግበኦ ናይቲ ራእይ ትሕዝቶ እዩ። ገለገለ ራእይ ሕልሚ ይኸውን (ambitious) እሞ ከይተተግበረ ይተርፍ። ገሊኡ ድማ ዝትግበር ንህዝቢ ዝጠቅም ሕልሚ ወይ ራእይ እዩ። ኣብዙይ ህወሓት ካብቶም ዝትግበሩ ራእይ ሒዙ ኣብ ሃዲድ ልምዓት ዝተሰለፈ ውድብ ምኻኑ ምሽጥር ኣደባባይ እዩ። ብኹሉ ኣንፈት እንተሪኢና ተደማሪ ናይ ልምዓት ዓወታታት እናመዝገበ ዝኸይድ ዘሎ ውድብ እዩ። ካብ እቶም ዝተሓንፀፁ ራእያት ሓደ እኳ እንተርኢና ህንፀት መንገዲ ገፀር ካብ ወረዳ ምስ ወረዳ ሓሊፉስ ጣብያ ምስ ጣብያ ተራኺቡ ሎሚ ኣዴታት ክወልዳ ከለዋ ካብ ቃሬዛ ወፂአን ናብ ምጥቃም ኣምቡላንስ ተሻጊረን። ራእይ ብልክዕ ኣይ ፍፀምን። ፍልፍል ማሕበራዊ ሳይነስ ብምዃኑ ኣፈላላይ ከጋጥም ግድን እዩ። ብዚ መለክዒ እንትረአ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙን ኣብ መፍፃም ዘርከቡን ራእያት ብዙሓት ኣለዉ እዮም። ምዝርዛሮም ከይበዝሐኒስ ከሓልፎም።

እዞም ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ዝብል ሓሳብ ዘቕረቡ ተንተንቲ ብዛዕባ ራእይ የብሉን ዝበልዎ ነበር ውድቦም ህወሓትን መንግስቲ ትግራይን ካብ ውልቀ ፅልኣት ደኣም ይብገሱ ይኾኑ እምበር ዝዕወቱ ዘለዉ ራእያት እማ ብዓይኖም ከይረኣይዎም የሓልፉ እዮም ዝብል ግምት የበለይን። ከምቲ ዝጠቐስኩዎ ኣብ ምስፍሕፋሕ ትምህርቲ ንኹሉ፣ ኣብ ምዕዋት ጥዕናዊ ልምዓታት፣ ኣብ ምጥያሽ ዲሞክራሲያዊ ትካላት፣ ኣብ ምርግጋፅ ማዕርነት ክልቲኦም ፆታታት፣ ኣብ ምስፍሕፋሕ ከተማነት (urbanization) ኣብ ምትእትታው ፋብሪካታት፣ ኣብ ምስፍሕፋሕ ትካላት ገንዘብ፣ ምትእትታው ዘበናዊ ሕርሻ ወዘተ ዝረአ ዘሎ ለውጢታት ብራእይ ተዘይምራሕ ኣብከውሒ ዝተዘረአ ስርናይ ኮይኑ ምቕረየ ነይሩ ወይከዓ ሕልሚ ኮይኑ ከንቱ ምኾነ ነይሩ። ብሳላ ህወሓትን መንግስቲ ትግራይን ራኢ ሰኒቖም ዝመርሕዎ ግን እነሆ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ፅቡቕ ለውጥታት እና መዝገበ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ፅሬቱ ዝተልዓለ ይመሓየሽ ዝብል ነገር ግን ናይ ማንም ትግራዋይ ሕቶ እዩ።

ኣነ ከም ዝፈልጦ ምቅዋም ማለት ነቲ ዘሎ ከምዘየሎ ምግባር ኣይኮነን ኣብ ልዕሊ እቲ ዘሎ ምውሳኽ እምበር። ህወሓት ራእይ የብሉን፣ ራእይ ኣየመንጨን በቃ ደሪቑ እዩ ምባል ነተን ዝስረሓ ዘለዋ እውን ከምዘይለዋ ገይርካ ዓለም ከምዝፀልመተትን ፀሓይ ንሓዋሩ ከምዝዓረበትን ብምቕራብ ፐሎቲካዊ ፃምእኻ ምውፃእ ይመስለኒ። ከምዙይ ዝበለ ኣተሓሳስባ ድማ ድሕሪ ሐዚ ንመንእሰይ ትግራይ ዝጠቅም ኣይመስለኒን ምንቛር ዝሓዘለ ሓሳብ እዩ።

ህወሓት እውን እኮ እንትኾነት ብፍፁማት ደናቁር (deaf ignorant ) ኣይኮነትን ትምራሕ ዘላ። ካብ ማህፀን ኣዶ ትግራይ ዝተወለዱ ምሁራን እኮ እዮም ዝመረሕዋ ዘለዉ። ልዕሊ 800,000 ካብ ኩሉ ክፋል ሕብረተ ሰብ ዝተውፃአፅአ ኣባል ኣካል ህዝቢ ትግራይ ሒዛ እያ እኮ ከም ውድብ ትቕፅል ዘላ ይመስለኒ። ኣብዚ ቑፅሪ ውሽጢ ብርክት ዝበለ ምሁር፣ ተመራማሪ፣ ኣማቲ ወይ ሓንፃፂ ምህላዉ ምዝንጋዕ ከቢድ እዩ። እምበኣር ነዚ ኣካል እዙይ እዩ“ መራሕቲ ህወሓት ህዝብን ረብሓ ህዝብን ማእኸል ገይሮም ምምራሕ ኣብይዎም ነንባዕሎም እናተተናኾሉ ይውዕሉ ኣለዉ፣ ህዝብን ሃገርን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዘሰጉም ሓሳብ ምምንጫው ኣይከኣሉን፣ ንኻልኦት ምዕቡል ሓዱሽ ኣተሓሳስበ ወኒኖም ብምሉእ ጉልበቶም ክጎዩ ንዝደልዩ ምሁራን መናእሰይ ድማ ዓፅዮም

መሕለፊ ከሊኦምዎም ኣለዉ፣እዛ እምባይ መን ይወርሳ ዝዓይነቱ እናተጎጃጀሉ ናይ ስልጣን ዕድሜኦም ምንዋሕ ዋና ዋኒኖም ገይሮም ኣለዉ። ዝብሉን ካልኦትን ኣይረድ በረድ ኣዝኒበምሉ ኣለዉ፣ ነቲ ንህወሓት ጠጠው ኣቢሉ እና መርሐ ህዝቢ ክልውጥ ላዕልን ታሕትን ዝብል ዘሎ ልዕል ክብል ዝገለፅክዎ ቁፅሪ ዘለዎ ኣባልን ኣመራርሓን ህወሓት።

ካብዛ ሓሳብ እዚኣ ኣነ ከምዝተረዳእኽዋ ምሁራን መናእሰይ ትግራይ ናብስልጣን ከይመፁ ህወሓት ከልኪላቶም ዝብል ሓሳብ ኣብ ኣብዝሓ ህዝብና ብግልባጡ እየ ዝሰምዖ። ህዝብና እቶም ነባራት ተጋደልቲ ከየወራረሱ ንምንታይ ይለቁ። ይቅርዶ ነቶም ኣብ ስልጣን ዘለዉስ ነቶም ኣብ እዋን ተሃድሶ ብናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ካብ ወድቦም ህወሓት ዝተፈለዩ እውን እንተኾነ መፂኦም መስመር ህወሓት ተኸቲሎም ክመርሕዎ ይደሊ እዩ። እዙ ኮይኑ እናሃለወ እውን ግን ህወሓት ናይ መትኽኻእ መስርሕ ኣውፂኣ ብርክት ዝበሉ መናእሰይ ናብ ሓላፍነት ኣምፂኣ ኣላ። ኣብ ላዕሊ እንተርኢና እውን ብጣዕሚ እናናፈቕናዮም፣ ንህዝቢ ትግራይ ቆሪቦም ቀትርን ለይትን እናሰርሑ እናሃለዉ ውድቦም ዝሓንፀፀቶ መሰርሕ ምትኽኻእ ንምትግባር ካብ ኣመራርሓ ዝገለሱ ብዙሓት እዮም። ስለዚ ህወሓት መንእሰይ ናብ ስልጣን ከይመፅእ ኣፍደገ በራ ሃርሂራ ገፅ መንእሰይ ከይተርእዩኒ፣ እንተርኢኹምኒ ሑሕ ክብል እየ፣ ከጉርዕ እየ ኢላ ዝበሃል ሓሳብ ካልእ መበገሲ ደኣም ተሃለዎ እምበር ህወሓት እማ መንእሰይ ብመንእሰይ ኮይና እያ። እቶም ምሁራን ዝበልዎም መናእሰይ ከመይ ዝበሉ እዮም ካብቶም ኣብ ህወሓት ዘለዉ መናእሰይ ዝተምሃርሎም ትካላት ትምህርቲ ብዝተፈለየ ኣብ ካልእ ዓለም ማለት ህወሓት ኣብዘይብሉ ዓለም ዝተምሃሩ ድዮም ወይስ ከምቲ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ዘሎ “እለ ተሃርዩ እም ከርሰ እሞሙ” ተባሂሎም ብፍሉይ ንትግራይ ክመርሑ ቅብኣ ሜሮን ዝተለኸዩ እዮም። ምምራሕ ማለት ነዓይ ኣብ ዘለኻዮ ዓውደ ስራሕ ካብ ትልሚ ክሳብ ምዕቃን ልምዓታዊ ተዋሳኢ ኮይንካ መሪሕ ኮኸብ ፅባሕ ብምዃን ንቕድሚት እናተመዘዝካ መውፃእ እዩ። ብድሕሪኡ ድማ ፖሎቲካዊ ብቕዓትካ፣ ደረጃ ትምህርትኻ፣ ህዝባዊ ተኣማንነትካ እናተርኣየን እናተዓቀነን በትረ ስልጣን ትጭብጥ፣ ንላዕሊ ኣናተወጣሕኻ ድማ ትኸየድ። ተዘይኮነ መንእሰይ ስለዝኾነ ጥራሕ፣ ድግሪን ማስተርን ዝለ ዝወደየ ጥራሕ፣ ይሕለፍ ናብ ስልጣን ምባል ዘለዎ መልእኽቲ ካልእ እዩ።

ካብ ተሕዝቶ ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ከምዝተረዳእኽዎ ኣብ ህወሓት ዘሎ መንእሰይ ከምዘይ ምሁር እቲ ንሶም ምሁር ኢሎም ዝኣምንሉ ድማ ብፁእ ወቀዱስ ዝመስል ኣተሓሳስባ ተዐዚበ። እዙይ ድማ ንህዝቢ ትግራይ ምሕሳብ ኣይመስለን ነቓዕ ንምፍጣር ዝፍሓሰ ገመድ እምበር። ኣብ ህወሓት ዘሎ መንእሰይ ኮነ እዙ ካብ ህወሓት ወፃኢ ዘሎ መንእሰይ ትግራይ ናይ መንእሰይ ዕጥቂ ተዓጢቑ ራእይ ሰኒቑ ክሰርሕን ክመርሕን ህዝቡ ከገልግል፣ ብጥበብን ሳይንስን ዝተዓጀበ ኣመራርሓ ንህዝቡ ክህብ፣ ኩለንተንኡ ንህላወ ህዝቢ ትግራይን ኢትዮጵያን አሕሊፉ ክህብ ታሪኽ ይፅውዕ ምህላዉ ግን ኣነ እውን ምስ አዞም ዓበይቲ ሓሳብ ወሃብቲ አሕዋተይ ይስማዕማዕ እየ። እዙይ እንተኾይኑ ድማ እቲ ትግራይ ራእይ ከውፅኡ ዘይኽእሉ መራሕቲ እዮም ዝመርሕዋ ዘለዉ ዝተብሃለ ሓሳብ ክስተኻኸል እዩ። ራእይ ድማ ናይ ኩሉ ይግበአኒ ዝብል ኣካል ድምር ውፅኢት እዩ።

ካልእ ኣብ ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ግር ዝበለኒ “ሓዱሽ ወለዶ ብዝተወደበን ዝቐልጠፈን መንገዲ ስልጣንን ሓላፍነትን ይረከብ” ዝብል እዩ። እቲ ሓሳብ ብላዕለዋይ ሽፋናዊ ትሕዝትኡ ተረኢኻዮ ፅቡቕ ይመስል። ከመይ እዩ ስልጣን ክርከብ ዝኽእል ዝብል ሓሳብ ግን ዝመለሰ ኣይኮነን። ሐዚኸ ስልጣን ዝሓዘ መንእሰይ ብቑፅሪ መዓዝ ወሓደ። ስልጣን ዝሐዘት ሓፍቲ መዓዝ ጠፍአት እንዳ ህወሓት እኮ ብመንእሰይ ተጥለቕሊቓ እያ ዘላ። ወረዳ አንተርኢና ነባራት ተጋደልቲ ዳርጋ የለዉን ምባል ይከኣል። ድሕሪ 1997 ዓ.ም ዝተመረቑ ዶ ኣይኮኑን ዳርጋ ኩለን ትካላት መንግስትን ውድብን ዝመርሕወን ዘለዉ። እቲ ሓሳብ ብስሩ ነባር መራሒ ዝበሃል ይውፃእ ተኾይኑ ድማ ንገሩና ብግልፂ። እዙይ ድማ ካልእ ዘሰዕቦ ጣጣ ክህልዎ እዩ። ስልጣን ርኽኽክብ እኮ ቃርሳ ቅልዕ ኣይኮነን። ወሎዶታት ብደንቢ እናተረኻኸቡ አንተዘይከይዶም እቲ ዑደት ክብጠስ ስለዝኽእል እዙይ ድማ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ካልእ ሓደጋ ከንፀላሉ ይኽእል እዩ።

መነእሰይ በሊሕ ምዃኑ፣ ድሌቱ ክገበር ዝኽአክል ምዃኑ ደራሲ ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር እውን ኣቕሚጥዎ እዩ። ኮይኑ ግን ካብ ኣገላልፃ መቕረብቲ ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ከምዝተዓዘብክዎ መንእሰይ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ስለዝነጠፈ ሃገር ኣብ ምምራሕ

እውን ክነጥፍ እዩ ምባል ኣይከኣልን። ምኽንያቱ ሃገር ምምራሕ ቻትን ኮሜንትን ኣኮነን። ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ምንጣፍ እኳ ፅቡቕ እንትኾነ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ዝነጥፍ ዘሎ መንእሰይከ ናብ ሓደ ኣተሓሳስባ መፂኡስ ዓዲ ዝኣክል ተረኪቡ ክመርሕ ዝኽእል ምኳኑ እንታይ መዐቀኒ እዩ ተገይርሉ። ምኽንያቱ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ እሳት ዝኾኑ መናእሰይ ኣብ ዝሰርሕሉ ቤት ዕዮ ህዝቢ ኣናብከዩ ዝውዕሉ ብዙሓት ኣዚዮም ብዙሓት ከመዘለዉ ንፈልጥ ኢና። እሞ እታ ቓልሲ እታ ቐርፀኝነት፣ እታ ህዝባዊነት ንምንታይ ካበዚኣ ዘይትጅምር? ንምንታይ ብቕንዕና ዘይተገልግሉ እንተበልካዮም ህወሓት ተስፋ ኣቑሪፁና ይብሉኻ፣ መዓቱ ዝወረዶ ምስኪናይ ህወሓት። ተስፋ ምቑራፅ ዲዮም ኣንቢቦም ካብ ማህተመ ጋንዲ፣ ተስፋ ምቑራፅ ዲዮም ኣንቢቦም ካብ ኔልሰን ማንዴላ፣ ተስፋ ምቑራፅ ድዮም ኣንቢቦም ካብ ፅንዓት ተጋደልቲ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ተግራይ። ምጢሩ ብሓፂር ጉያ ከትቅድም ምድላይ እዩ።

ገለገሊኦም ናብ ስልጣን ዘይመፃእና፣ ንሕና እንተመፂእና ዓዲ ሓዱሽ ስትራተጂ ተሓንፂፁላ ካልኣይቲ እስራኤል ምኾነት ነይራ ዝብሉ ድማ ስልጣን ምስሓዙ ፍሉይ ናብራ ክነብሩ። ክግበቱ ዝደልዩ፣ ብስም ምሁራዊ ዓብላላይነት ንቲ ሓረስታይ ከሰቑሩ ዝምነዩ እውን ኣየስኣኑን። ብፍላይ ትሕዝቶ ሓሳብ ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ሃልኪታት ጠስሚ እያ። ብጅምላ መንእሰይ ስልጣኑ ይረከብ ዓዱ ባዕሉ የመሓድር እንትበሃል እቱ መንእሰይ ከይተመዘነ ካብቲ ነባር ከይተምሃረ፣ ነቲ ራእይ ደሪቕዎ ዝተብሃለ ውድብ ህወሓት ብማዕበል ንጎኒ ደፊኡ ስልጣን ይሓዝ ድዩ ዝበሃል ዘሎ። ከምኡ እንተኾይኑ ኸዓ መንእሰይ ትግራይ እንደገና ንኻልእ ፈተና ከምዝቃላዕ ኣየጠራጠርን።

ኣብቲ ፅሑፍ ንመንእሰይ ትግራይ ክልተ መማረፂ ምሃብ ታይ ማለት እዩ። ወይ ንሕወሓት ገልፉ ወይ ንሕወሓት ፀግና እዩ ተባሂሉ ዘሎ። ፃውዒት ኣየትብሎ ደረቕ ትእዛዝ ኣየትብሎ። ከም ኣነ ህዝባዊ ኣተሓሳስባ እንተዝህሉ ነይሩ ንህወሓት ፀግና ጥራሕ እኽልቲ ነይራ። ምኽንያቱ ህወሓት አንተተፀጊና ክትሰርሕ ካብቲ ዘላቶ ንላዕሊ ክትጎዪ ትኽእል ምኳና ካብ ታሪኻ ምፍላጥ ስለ ዝከኣል። ህወሓት ድማ ንፅገናን ሕደሳን ቅርብቲ ምኳና ታሪኻ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ።

እታ ህወሓት ትበሃል ወድብ ምሒውካ እታ ዓዲ ባዕልኻ ውረሳ ትብል መርገፂ ግን ንቲ መንእሰይ ተዳመ፣ ብህዝባዊ ምርጫ ስልጣን ዝሓዘ ወድብ ብሓይልኻ ካብ ሰልጣን መሓዎ ዝብል መልእኽቲ እያ ተሐለፍ ዘላ እሞ እዚኣ ድማ ኣብ ትግራይ ካልእ ፀገም መምፅኢት ካብ ምኳን ሓሊፉ ጥብ ትብል ረበሓ ዘይትህብ ሓሳብ እያ ኣነ ክሳብ ዝተረዳእኹዎ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ዝመረፆ መንግስቲ ኮነ ውድብ ዓምፅ እያ መልእኽታ። እታ እሂን ምሂን ተባሂልና ህወሓት ፀጊንና ነቐፅል ትብል ግን ኣነ እውን ዝቕበላ ሓሳብ እያ።

ብሓፈሻ ኣብ መፅሄት ውራይና ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ብዝብል ርእሲ ንዓና ንመናእሰይ ትግራይ ዝተውሃበና ትእዛዝ ካብ ሕሱም ፅልኣት ህወሓት ዘብገስ ምኳኑ እየ ተረዲአ። ኣቶ ኣባይ ፀሃየ ይኹን ኣቶ ስብሓት ነጋ ዝበሉዎ ሓሳባት ብቁናን ፖሎቲካዊ ትርጉም ክትርጎም ሪአ። ማእኸል መልእኽቲ ኣይተ ኣባይ ኮነ ኣቦይ ስብሓት ካብ ፅልኣት ወፂእና ሒቖና ንህዝቢ ትግራይ ሂብና ክሳብ ንጉዘ ነገልግል አናሃለወ ብኻልእ ክዕምፀፅ ተዓዚበ። ኣባላት ህወሓት እውን ባዕሎም ተስፋ ኣብ ምቑራፅ ከመዘለዉ ኣመሲልካ ምቕራብ ተዓዚበ። እዙይ ኩሉ ካብ ንህዝቢ ትግራይ ምሕላይ ዘብገስ እንተይኮነስ ካብ ዘለካ ምሒር ፅልኣት ዝብገስ እዩ። እዙይ ድማ እዩ ሐዚ ትግራይ ከምትግራይ ዓብዪ ሕማም ኮይኑ ዘሎ። ቀበሌ ኣማሓዳሪ ወይ ኣይሰራሕኻን ወይ ሕመቕ ኣሎካ እዩ ተባሂሉ ተወሪዱ ተመሊሱ ፀረ እቲ ውድብን መንግስትን ይስለፍ፣ ወረዳ ኣማሓዳሪ ድማ ከምኡ፣ ከምኡ እናበለ ክሳብ ላዕሊ ይድይብ እዙ ሕማም። እዙ ዝቐረበ ፅሑፍ ድማ ኣብ ህወሓት ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ ዘሎ ምኳኑ፣ ይቅርዶ ትግራይ ክልል ካልኦት ዓበይቲ ዋኒናት ዓለም እውን ክመርሕ ዝኽእል ፈላጥ ወለዶ ዝሓቐፈ ውድብ ምኳኑ እናተፈለጠ ብዓይኒ ዕሙተይ እንዳ ህወሓት ፍልጠት ነፂፍዎም እዩ፣ ኣይንቕድሚት ኣይንድሕሪት ኣብ ሓሸዋ ጠጠው ኢሎም ኣለዉ መራሕቲ ህወሓት ስለዚ መንእሰይ ትግራይ ሐዚ ድፍኣዮም ዝብል ኣተሓሳስባ ዝሓዘን ብቂም ዝተኸንበተን ሓሳብ እዩ። ስልጣን ንመንእሰይ መኽፈልቲ ሰንበት ኮይኑ ከምዘይዕደል ፍሉጥ እዩ። ብተደጋጋሚ ንመንእሰይ ዝትንኮስ ዘሎ ካብ ዘሎ ምሒር ፅልኣት ዝብገስ ምኳኑ ፀሓይ ዝሞቖ ሓቂ እዩ። ዝሮ ዝሮ ግን ሓላል መንእሰይ ትግራይ ለባም ስለ ዝኾነ ኣየናይ ከምዘሙቖ ባዕሉ ኣይጠፍኦን እሞ ናብ ሓዲኡ ክስለፍ እዩ። እንተ ኣብዚ ሐዚ እዋን ግን መፍትሒ ዘምፅእ ተስኣነ እምበር ዝዛረብስ በዚሑና።

ሐዚ ኣውን ጉዳይ ዲሞክራሲ ኮይኑ ዝመሰለኒ ጫሕጊረ ኣምበር ኣብዞም ትግራይና ከመይ ነሰጉማ ዝብል ሓሳብ ዘቕረቡ ዓበይቲ ሰባት ዘሎኒ ክብሪ ግን ኣብ ፅኑዕ መሰረት ዝተደኮነ እዩ። ዕድመን ጥዕናን ድማ እምነየሎም።

ንመፅሄት ውራይና እውን ደጋጊምና ነመስግን። ዓምደኛታት ድማ ብርዕኹም ይሰስን ሓቂ ይንባዕ። ሰላም።